ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኢሮብ ዝርከብ ዝውገድ ንብረት ኮይኑ ፣ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኢሮብ ኣብ ወረድኡ ዝርከቡ ግልጋሎት እናሃቡ ዝፀንሑ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቁሑት፣ ኮምፒተራት፣ ፕሪንተራት፣ ፎቶ ኮፒ መሽን ፣ ሓድሽ ምሳር ወዘተ ዝመሳሰሉ ንብረታት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ የካቲት 19, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 28, 2011 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:1000.00
- ቦታ:ሮብ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 28, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

ስለዚ ካብዚ ንታሕቲ ዝርዝር ንዝቀረቡ ረቋሕታት አተማለኡ ክትወዳደሩ እትደልዩ ከባቢ ሕ/ሰብ (ግለ ሰባት) ፣(ውልቀ ነጋዶ) ኣብ ቤት ፅ/ት ትልምን ፋይናንስን መፂእኩም ንክትወዳደሩ ብኽብሪ ይዕድም።

ተጫረቲ ከማልእዎም ዝግበኦም ረቋሕታት

1 ንብረት ዝርከበሉ ቦታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኢሮብ ከተማ ዳውሃን ዝርከብ ኮይኑ እቲ ዓይነት ንብረት ካብዚ ንታሕቲ ብዝርዝር ዝቐቀረበ እንትኸውን ብኣካል እናመፁ ብምርኣይ ሰነድ ጨረታ ካብ ዕለት 18/06/2011 ዓ/ም ጀሚሩ - 28/06/2011 ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን ክወስዱ ይኽእሉ።

2 እቲ ጨረታ ዕለት 28/06/2011ዓ/ም ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ በዚ ዕለት 25/04/2011 ዓ/ም ሰዓት 8:30 ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።

3 ካፈቲ ዝተጠቀሰ ዕለት ጀሚሩ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 50.00 (ሓምሳ ብር) ብምኽፋል ብምውሳድ ንሕድሕድ ዓይነት ንበረት ዋጋ ብምምላእ ብዝተዓሸገ ፖስታ ከቅርቡ ዝኽእሉ፤

4 ተጫረቲ ድሕሪ ሳንዱቅ ጨረታ ምዕፃው ንዝመፅአ ጨረታ ሰነድ ተቐባልነት የብሉን።

5 ተጫረቲ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ንጨረታ መኽበሪ ትሕጃ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ብር 1000.00 (ሓደ ሽሕ) ትሕጃ ከትሕዙ ዝክእሉ፤

6 ተጫረቲ ጨረታ ሰዓራይ ምኟኖም ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3ተ መዓልቲ ገንዘቡ ጠቕሊሉ ብምኽፋል ንብረቱ ከልዕል ዝኽእል፤

7 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉዉ እዩ

8 ጨረታ ሳፁን ዝርከበሉ ቦታ ቤ/ፅሕፈት ት/ፋ/ወ/ኢሮብ ከ/ስ/ፋይ/ዕ/ንበ/ምም/ርን ምኟኑ ንሕብር።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle